# ዮውሃና ንማብል 28 ዓመት ጽንብል ነጻነት ኤርትራ

ብቐዳምነት ነዚ ንማብል 28 ዓመት ነጻነቱ ብልዑል ናይ ይኣክል ዘይፍትሓዊ ምሕደራ ብዝብል ጨፎሖ ዘኽብር ዘሎ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ዮውሃና እብል። ናይ ሎሚዓመት ጽንብል ነጻነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ን27 ዓመታት ረሚኡዎ ዝነበረ ሕማምስቕታ ተገላጊሉ ተጻዊኑዎ ዘሎ ስርዓት ንምእጋስ ኣብ ሓያል ጥምጥም ኣትዩ ኣብ ዘለወሉ እዋን ትበዓል ስለ ዘላ ዝያዳ ኩለን ዝሓለፋ ዓመታት ዝኸበረትን ዝዓዘዘትን'ያ። እዚ ነቲ ኣብእዋን ብረታዊ ቃልስና እቲ “ኣቲ ኤረይ ኩሕሎሽዋ ኳንካዶ ኣስሜራ ይሕሎ“ ተባሂሉ ዝድረፍ ዝነበረ፡ ሎሚድማወዲ ኤረይ ኩሕሎ ክቡር ነጻነትካዶ ብጸጥታ ሃገራዊ ድሕነት ይሕሎ ዘስምዕ ቃና እናዘሚረ፡ ትሞጽእ ዓመት ጽንብል ነጻነት ብሓባርን ብዘይሓለዋን ስግኣትን ስክፍታን ኣብ ትብዕለሉ ብርሃን ሓርነት ከሰጋግራ ብነድሪ ምብጋሱ ዝሕብር ምልክት'ዩ ። በዚ ምኽንያት ማብል 28 ዓመት ነጻነት ድሮ ሓርነት ምልክት ጨፎ ብርሃን ንመጻኢ ብሩህ ተስፋ ምባላ ምግናን ኣይከውንን።

እዚ ሎሚ ተበጺሑ ዘሎ ወጽኢት ናይቲ ንዘመናት ክንገረናን ግን ከኣ ጸማም እዝኒ ዝተዋህቦን መጸዋዕታ ንፍትሓዊ ቃልሲ ስለ ዝኾነ ነቶም ሃገራዊ ሓላፍነት ደሪኾዎም ብድፍረት መጻኢ ሂወት ህዝብናን ሃገርናን ኣብእዋን ምምሕዳር ህግደፍ ንጹር ሚዛኖም ዝሃቡ ውልቀሰባት ውድባት ማሕበራት ልዑል ምስጋና ይብጽሓዮም።

ኣብዚ ብኣብነት ዝጥቀስ ፡ -
I – ተስፋሚካኤል ጆርጆ እዚ ክሳብ ሎሚ ንሃገርና ዝርምስ ንህዝብና ዝብትን ዘሎ ስርዓት ውሽጣዊ ባህርያቱን ሕቡእ ዕላማኡ ሰራውር ምትእስሳሩን ዝገለጸ፤
2 – እቶም ልዑል ፍቕሪ ንህዝቦም ዘለዎም ኣብ መንጎ 2 ውድባት ዝተወልዐ ኲናት ሕድሕድ ንምትዕራቕ ብ1974 እኹል ትሩፍ ጻዕሪ ዝገበሩ ቅዱስ ኣቦና ኣባ ኣጉስጢኖ በቲ ምስ ተጋዳላይ ሕሩይ ተድላ ባይሩ ናይ ተሓኤን ምስ ተጋዳላይ ኢሳያስ ኣፎርቂ ናይ ህሓኤን ዝገበሩዎ ዝርርብ ዝበጽሑዎ ሚዛንን፡ ኤርትራ ብህሓ ነጻ እንተወጺኣ እታ ሃገር ቤት ማእሰርቲ ህዝባ ከኣ እሱር ክኸውን'ዩ ዝበሉዎን ዘይተሰምዐን ሎሚ ዘሎና ዮ ህያው ምስክር'ዩ። እዚ ትንቢት እዚ ዝሕብሮ ነገር እንተልዩ፡ እዞም ፈላሲ ብዝቐሰሞ ናይ ስነ -ኣእሙራዊ ፍልስፍና፡ ክሳብ ክንደይ ነቲ ኣብ ውሽጢ ህ.ግ. ተጠኒሱ ዝነበረ ህግደፋዊ ድቂ ክርድእዎ ምኽኣሎምዘነጽርን ዘገርምን ብስለቶምእዩ።
3 – ኣብ ድሮ ረፈረንዱም ብምዑታት ኣባላት ሰራዊት ሓኤ ዝተገብረ ኣድማ ንፍትሒ'ማብር ንውልቃዊ ረብሓ ኣይነበረን።

4 – በቶም ሰነድ ታሪኻዊ ጅግንነት ዝኾኑ ኣካለ ስንኩላን ዝተገብረ ኣድማን ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈጸመ ኣረሜናዊ ቅንጸላን፤
5 – በቶም ጉጅለ I5 ዝፍለጡ ኣባላት ሜዕሕነት መንግስትን ሚኒስትራትን ዝተገበረ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስያዊ ስግግርን ዝወረዶም ዘይፍትሓዊ ፍጻሜን ርኢኻን ሰሚዕካን ምጽቃጥ ዝፈጠሮ ዕንደራ ኣብዚ ሕጂ ንርከቦ ዘሎና ኣሰካፊ ኣተሃላልዋ ምብጻሕ ናይ ኩልና ጥፍኣት ወይ ሓጥያት ምዃኑ ዘይከሓድ'ዩ።

እዚ ሕጂ ብኣዝዩ ርሱን ናህሪ ዝበጋገስ ዘሎ ተበግሶ ደለይቲ ፍትሒ ከኣ ዋላ ምስቲ ኣብ ከባቢና እንዕዘቦ ባኒ ከቢሩና ናብራ ከቢዱና ኢሎም ብብዝሒ ኣዲሞም ስርዓት ዝቐየሩ ኣህዛብ ዘይዛመድ ኣዝዩ ደንጉዩን ድሕሪ ማዝና ዘየብሉ ክሳራን ዝመጸ እንተኾነ ሸቶኡ ከይወቕዐ ከምዘይተርፍ ግን ሕሉፍ ታሪኽና ናይ ትማሊ ምስክር'ዩ።
እዛ ሎሚ ዓመት እነብዕላ ጽንብል ነጻነት እምባኣር መደምደምታ ምልካዊ ስርዓት

ህግደፍን ማሳጋገሪት ናብነጻን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ናይ ምግባራ ዝዓግት ሓይሊ ከምዘይህሉ ተበጊሱ ዘሎነ ድሪ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ዘየወላውል ዋሕስነት ዓወትና'ዩ። እዚ ናይ ይኣክል መቓልሕ ኣብ ግብራውን ቅልጡፍን ሱናሚያዊ ሓይሊ ተቐይሩ ንስርዓት ህግደፍ ጸራሪጉ ኣብቲ ንጩቕንቲ ዝተዳለወ ጉሓፍ ክድርብዮም ዘኽእል ቅኑዕ ጐደና ቃልሲ ክሕዝ ግን ሓደን ማሳረታውን ኣሜራጺ'ዩ።

ንሱ ድማ -
I – ኩሉ ይኣክል ዝብል ድሌትን ዓቕምን ብዘይካ ስርዓት ህግደፍ ጸላኢ ከምዘይብሉ ኣሚኑ ኣንጻሩ ክሰርሕ፤
2 – ካብ ኩሉ እቲ 27 ዓመታት ከይነ ድምፅ ዓንቂፉና ዝነበረ ብልሹውን ዘይሓላፍነታውን ኣተሓሳስባ ተነሲሕና ነጻ ክንከውን፤
3 – ሃገርን ህዝብን ንምድሓን ነንኽእሎከነ በርክት፤
4 – ተበግሶና ዝጥርንፍን ስልጡንን ንጹርን ሜላክዕ ውደባ ክሕዝ፡ ንሱ ድማ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ዝእከበሉ ንምጥማላን ምጥዕዓልን ዝነጥፍ ብሙእሰያት ዝምራሕ ሓይሊ ዕማም ክቐውም፤
5 እዚ ሓይሊ ዕማምዚ ብደረጃ ከተማሃገር ኣህጉር ዝዓብን ዘተኣሳስሮ ሕጋዊ ጐደና ክህልዎን፤
6 – እቲ ብደረጃ ኣህጉር ዝተጠርነፈ ማእከል ሓይሊ ድማ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ወኪሉ ብኩሉ ንውልቀ መላኺ ዝለግሰሉ መደብ ሓንጺጹ ክሳብ ምስግጋር ዲሞክራስያዊ ስርዓት ክመርሕ።
7 – እዚ ማስርሕ'ዚ ድማ ካብ ዝነኣሰ ኣካል ሓይሊ ደላይ ፍትሒ ክሳብ ዝለዓለ ጽፍሒ መሪሕነት ዘራኽብ ንጹርን ኣብ ኩሉ ዝበጽሕን ብኩሉ ዝትግበር ኣብ ኩሉ ቦታን ብሓደ ሰዓትን ዕለትን ዝትግበር መደብ ኦዮ ኣብ ምትግባር ምሉእ ሓላፍነት ዘለዎ ትካል ክኸውን።

ነዝን ካብዚ ዝሓሸ ኣሜራጺ ምስ ዝቐርብን ተኸቲልና እንተዘይሰሪሕና ግን እዚ ተላዒሉ ዘሎ ማዕበላዊ ሓይሊ ለሚኡ ተስፋ ብርሃን ጸሓይ ከምቶም ከይተጠቐምናሎም ዘምለጡና ወርቃውያን ዕድላት ከይከውን ዋሕስነት የብልናን። ኣብዚ ከይጠቕስኩዎ ክሓልፍ ዘይደሊ እንተልዩ እቲ ብኣብ ድያስፖራ ዝነበሩ ምሁራት ኤርትራውያን ዝግበር ዘሎ ዝተፈላለየ ዓውድታት ዝድህስስ መጽናዕታዊ ተበግሶ እዩ።
ኩልና ከምእንፈልጦ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ሓላፍነቱ ብጩቛኒ ስርዓት ስለ ዝተነፍጎ እምበር ብስእነት ኣፍልጦ ሕግን ዘይምእዙዝነትን ዝተዘርገ ናብራን ዝተበተነ ህዝቢ ዘይምንባሩ እዩ። እዚ ብምሁራት ዝግበር መጽናዕትታት ድማ ንዝነበረና ብቕዓትን ዓቕምን ዝጕልሕ ስለ ዝኾነ ንኩሉም ኣብዚ ዓውድታት ዝነጥፉ ልዑል ኣኽብሮትን ምስጋናን ኣቕርበሎም፡ እቲ መጽናኦቲ ተወዲኡ ኣብ ማጋባእያ ክቐርብን ብህዝባዊ መንፈት ሓሊፉ ድልው ሰነድ ንምስግጋር ዲሞክራስያዊ ስርዓት ከገልግል ብዝከኣል ጽፈትን ቅልጣፈን ክዳሎ ተስፋ እገብር።
ጽንብል ነጻነት ሎሚውን ስርዓት ህግደፍ ዕምሪ ስልጣኑ ንምንዋሕ ህዝቢ ዘደናግረሉ ብልሓት እናማሃዘ ኣብ ባይታ ዘየሎ ብቲቪ ኤረ ጌሩ ዓለም ዝጕብእ ሜእኽቲ ንምትሕልላፍ ክግዕር ይርአ'ሎ። እቲ ካብ ኩሉ ዘሕፍርን ነውራምን ባህርያቱ ዘንጸባርቕ ከኣ ነቲ ዕብዳኑ ክገልጸ ዝተሰርሓ ብግልብጭቁኖን ሒናን ዙርያን ወርቅን እምበር ልቦናዊ ጽባቐ ዝጐደለን ደቂ ሃገር ወዛሕዛሕ ዝብላሉ እሸምዀንጥፍኣቱ ዘጽልል ኣደራሽ ንምምዋል ካብ ድራር ዕለቱ ዘይረኽበ ህዝቢ ዝኣርዮ ዘሎ ገንዘብ ምኳኑ'ዩ።
ይኹን'ምበር ዳስ ይስራሕ መደናገሪ መደረ ይለፍልፍ ህዝቢ ኤርትራ ይኣክል ምድንጋር ምባል ጥራሕ ዘይኮነስ ሽጥራኻ ደውር ኢሉ ዝተሰለመዳስ ሓውያ ክትማስል ገረውረውከም

ዘብላ ከይደቀስካ ዝሕለምጉዳይ'ዩ።
እቲ ብልዑል ናህሪ ንለውጢተበጊሱ ዘሎ ደማበ ፍትሒግን ቀንዲ ኣድህቦኡ ኣብ ዳይላን ዳንኬራን ዘይኮነስ ኣብ-
1 - ሓቀኛ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራን ዓወቱን ዝሃቦ ፍረን፤
2 - ካብ ነጻነት ክሳብ ሎሚ ዘሎን ኩነታት ኤርትራን ህዝባን ጠንቁን፤
3 - ንምቕያሩ ክውሰዱ ዘለዎም ተግባራትን ማሳርሒታትን ኣድማዕቲ ሜዳባትን፤
4 - ኣብ መቓብር ስርዓት ህግደፍ ዝህነጽ ዲሞክራስያዊ ስርዓተ-ምሕደራን ተራ ህዝቢ ኣብ ምህናጹን ምክትታሉን፤
5 - ካብ ምውዳቕ ስርዓት ህግደፍ ክሳብ ምስግጋር ዲሞክራስያዊ ምሕደራ ኣብ ህዝቢ ዝወስድ ገደብ ግዜን ኣገባብን ብሜላ ክዕ ዘተን ዓውደ ክትዕን ዝበሰለን ንጹር ማምርሒ ስኢልካ ንምትግባሩን፤
6 - ሕድሪ ሰማእታትና ዝሞላስ ማዳ ኣዴታትና ዝፍውስን ንብዓተን ዝሕብስን ኩልና ኤርትራውያ ብሓጎስን ብደስታን እነ ብዕሎ ነጻነት ንምርግጋጽ ቃል ኪዳን እንኣትወሉ ጽንብል ነጻነት እዩ ክኸውን።
በዚ ኣጋጣሚ ንኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብሓፈሻ ንሃይልታት ምክልኻል ኤርትራን ደቀንስትዮን ማንእሰያትን ተረካቢ ሕድሪ ወለዶ ኤርትራን ፍሉይ ሜላእኽቲ ከማሓላልፍ እዋኑ እማስለኒ።

**ዝኸበርኩምሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ** -
ካብ ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚርኩም ሓለፋስ ይትረፍ ማጡናዊ ክፍሊት ከይረኸብኩምን ብዘይዕረፍትን ብጸጋም ብየማን ኣብ ዝተወልዐ ትርጉምኣልቦ ኲናት ኣናተጡበስኩም ትስውኡን ትስንክሉን ግዳይ ትኾኑ ዘለኹም ንስኹም ኢኹም፡ ብድሕሪ ነጻነት ጥራሕ ብማስዋኣቲ ኣምዑት ዘይቈጸሩ ኣሕዋትኩምን ኣሓትኩምን ካባኹምንላዕሊ ዝምስክር ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ኣይከሰርናን ምባል'ዚ ገበነኛ ኢሳያስ ልዕሌኹምክሰምዎን ክቐብጾን ዝግብኦ ኣካል ኣሎ ኣይብልን። ካብ ከምዚ ዝበለ ሃገራዊ ክሕደት ዝፍጽምስርዓት ማሳልን ፍትሓዊ ምሕደራን ምጽባይ የዋህነት ስለ ዝኾነ ንምእላዩ ኣብ ዝግበር ናይ ይኣክል ተበግሶ ምስ ህዝብኹምወጊንኩምሃገር ከተድሕኑ ምሕጽንታ ማላእ ደላይ ፍትሒ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ።

**ዝኸበርክን ኣዴታተይን ኣሓተይን ደቀይን ወዓሩ ኤርትራ** -
ትማሊ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ተፈጥሮኣዊ ባህርያት ከይዓንቀፈክን ብረት ተሓንጊጥክን ኣብ ውሽጢድማነቲ ኩሉ ኣብ ልዕሌኽን ዝወርድ ዝነበረ ጾጥታዊ ሓደጋታት ተጻሚምክን ምስጡር ሰውራኽን ዓቂብክን ቅያ ብምስራሕ ኣብ ዓወት ዘብጻሕክን ንስኽን ኢኽን። ኣደ 10 ብዓሰርቲኦም ኣደ ሓደ'ውን ሓዲኣ ከይበቐቐት ነጻነተይ ስልማተይ እናበልክን ሓይሊ ሰውራ ዘጐልብት ታሪኽ ዘይርሳዕ ጀግንነት ዝፈጸምክን ንስኽን ኢኽን። ኣብዛ ህዝቢ ኤርትራ ጻምኡ ዘይተኸፍለላ ማኢኣ ዘይበረቐት ጸሓይ ነጻነት ድማ ልዕሌኽን ዝተበደለን ዝሓዘነን ማሳሉ ዝተነፍጎን የለን። እዚ ስርዓት ክቅጽል ስቕ ምባልን ሜሪር ሂወትና ኣብ ዝኸፍአ ንክበጽሕ ምሕጋዙን ሃገር እናዓረበት ጽቡቕ ኣላ ምባልን ብምቁራጽ ኣብዚ ነዚ ስርዓት ንምቅባጽ ዝካየድ ዘሎርሱን ተበግሶን ሓሙድ ድበ ህግደፍ ክትሳተፋ ዕድመኩሉ ደላይ ፍትሒ'ዩ።
**ዝኸበርኩምናይ ሎሚሰዊት ናይ ጽባሕ ፍረን ወረስትን ሃገር ዝኾንኩምማንእሰያት ኤርትራ** - ነዛ ኣቦታትኩምን ኣዴታትኩምን ኣያታትኩምን ኣዳኖታትኩምን ዘይዓገቡላ ግን ከኣ ሰዊት ዕድሜኹም ጥራሕ ዘይኮነስ ንስኹም ብራህዋን ብሰላምን ሓንቂቕኩም ክትነብሩላ ምእንቲ ክትክእሉ ካብ ክቡር ሂወት ክሳብ ዘይጽገን ስንክልናን ከፊሎም ዘምጽእዋ ሃገር'ያ። ስለ ዝኾነ ነጻነት ኤርትራ ፈቲኻ ዘትትኮብ ጸሊእካ'ውን

ዘይትሕደግ ግርማልዑላውነት ዝለበሰት ሃገር ስለ ዝኾነት ነቲ ጐዲሎዋ ዘሎ ብርሃን ሓርነት ንምልባስ ናትኩም ናይ ደቂ ግዜ ምዃኑ ተረዲእኩም እጅገኹም ሰብሲብኩም ኣንጻር'ዚ ሕንግድ ስርዓት ገጢምኩም ከተቃብጹዎን ሃገራዊ ዕዳኹምዩ። ነዚ ዕላማዚ ንምስልሳል ከኣ ሓገዝ ኩሎም ምሁራትን ምኩራትን ዜጋታት ብሓፈሻ ናይ ኩሎም ደለይቲ ፍትሒ ከይፍለየኩም ድማ ቃል ንኣትወልኩም፡
ኣብ መደምደምታ ድማ ንኩሉ ደላይ ሰላምን ማሰረታዊ ለውጥን ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ብዘይካ ስርዓት ህግደፍ ንጥፍኣትካ ዝምነ ኣብ ርሑቕ ይኹን ኣብ ቀረባ ከምዘይብልካ ኣሚንካ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምቕባሩ ኣብ መቓብሩ ፍትሓዊትን ኩሉ ዝነብራን ሃገር ኣብ ምርግጋጽ ብቆራጽነት ተለዓል።
ፍትሒ ይንገስ!

ስርዓት ህግደፍ ይደምሰስ!
**ዓንደጽዮን ግርማይ**
ጀርመን
21.05.2019